## መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ምዓስ ተጸይቼ ?
## ካልኣይ ክፋሊ

### እሱር ወተሃደር ነጻ ከውጽኣና ኣይንጸበ።

እቲ ታሪኽ ኣቀዋውማ ተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ ንዝፈልጥ እቲ ዘሎ ኩነታት ወተሃደራት ህ.ግ.ደ.ፍ ንክርድኦ ቀሊል ኢዩ። ክልቲኦም ስለ ብዙሕ ዘይፈላለዩ ግን ኣነ ኣብቲ ዝፈልጦ ክረግጽ ኢየ። ተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣብቲ ኣነ ዝነበርኩሉ ግዜ ብዉሑዳት ብፍቓዶም-ዝጋደሉን ብዙሓት ተገዲዶም-ዝጋደሉን ዝቖሙ ነበሩ (እዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ኣብነት ኢዩ)።ብድሕሪ 1978፡ ብስትራተጂካዊ ምዝላቕ ዝፍለጥ ግዜ፡ ብዙሓት ተጋደልቲ ተገዲዶም ይመጹ ነበሩ።ገለ ከኣ ናይ ሰላም ቦታ ስለ ዘይነበረ ሞት ብሞቱስ ምስ ኣሕዋተይ ይሕሸኒ ቢሎም "ብፍታዎም ዝመጹ" ነበሩ። ግና ኣቲ ሓቂ መግለጺ ናይ "ብፍታዎም ዝመጹ" እንተ ዘይፈትዉስ ካልእ ኣማራጺ መንገዲ ናይ ሰላማዊ ናብራ ስለ ዘይነበሮም ኢዩ። እዚ ኩነታት እዚ ከኣ ኣብቲ ግዜ ቲ ኣይነበረን። እቶም ንበረኻ ዘይወጹን ውድብ ዘይነበሮምን እውን ኩነታቶም ሕማቕ ነበረ። ወተሃደራት ኢትዮጵያ ምሕረት እንተ ሂቦሞም፡ ወይ ናይ ህ.ግ.ሓ.ኤ ዋህዮ ኮይኖም ክሰርሑ ይግደዱ ነይሮም ወይ ከኣ ሰለይቲ ናይ ኢትዮጵያ ወይ ከኣ ናይ ጀብሃ ኢኹም ተባሂሎም ብህ.ግ.ሓ.ኤ "ስጉምቲ" ይውሰደሎም ነበረ። ብደርጊ እውን ይጥርጠሩን ይሳቐዩን ነበሩ።.......እቲ ነገር ከሕጽሮ፡ እቲ ግዜ ኣዚዩ ሕማቕ ግዜ ነበረ።
ካብቶም ከምዚ ከማይ ብፍታዎም ዝኸዱ ከኣ እቲ ኩነታት "ካብ ምንጋጋ ኣንበሳስ መን የውጽእ ስጋ" ኮኖም። ስለዚ ከኣ ካብ ብፍቓዶም-ዝጋደሉ ናብ ተገዲዶም-ዝጋደሉ ተቐየሩ።

ንጠለብ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ዘማልእ ተጋዳላይ ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን ነይርዎ፡

ብቀዳምነት ብድልየቱ ዝቃለስ ኅበዝ ሰብኣይ ክኸውን ነይርዎ ( ከም ናይ ኢትዮጵያ ኮማንዶስ)።
ብቕዓቱን ትብዓቱን ኣብ ክፍሊ ታዕሊምን ብመርመራ ሕክምናን ክረጋገጽ ነይርዎ።
ተጣዒሰ ኣብ ዝብለሉ ግዜ ከኣ ናብ ናይ ገባር ናብራ ክፋኖ ክፍቀደሉ ነይርዎ።
ደቂ-ኣንስትዮን ቆልዑትን እኳ ኣብዚ ውድብ ክኣትዉ ኣይነበሮምን።

<u>ኣነ ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ግድን ክንቃለስ ኢና እንተኢለን ይከልከላ ምቅላስ ማለተይ ኣይኮንኩን። ግና እቲ ጾታዊ ሕማማተንን ጸገማተንን ተፈሊጡ። ሓንቲ ብጸገማተን ትግደስ ቤት-ጽሕፈት ተገይሩለን።ብእኣን ትግደስ ኣብ ሓይሊ ይኹን ቦጦሎኒ ጓል-ኣንስተይቲ ተፈልያትለን ኣብ ዝኾነይኹን ግዜ ከኣ ካብ ናይ ኣሃዱታት-ኩናት ናብ ክፍልታት ክቕይራ ወይ ውን ክፋኖዋ ዕድል ክወሃበን ኣሎዎ.....ወዘተ ብሃላይ ኢየ።እቲ ኣነ ዝርእዮ ዝነበርኩ ግና ኣብ ግዜ ኩናት "እዚኣስ ሰብኣይ ኮይና ክትፍጠር ነይርዋ" ምባል።ኣብ ግዜ ሰላም ከኣ "ልበይ ነብሰይ" እናበልካ እቲ ኣንስታይ ወገና ምምናይ ኢዩ።</u>

ሕሙማትን፡ ኣካል-ስንኩላትን፡ ድኹማትን፡ ኣረግቶትን፡ ፈርሓትን፡ዕላማ ናይ ቃልሲ ዘይተረድኦምን...ወዘተ ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ክቕልቀሉ እውን ኣይግባእን ነይሩ ብሃላይ ኢየ።
ምኽንያቱ ከኣ እዚኣቶም ነቲ ጠለብ ናይ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ከማልኡ ስለ ዘይክእሉ ኢዩ።

እቲ ሓቂ ግና ከምዚ ዝስዕብ ነበረ።

ቆልዑትን፡ ደቂ-ኣንስትዮን፡ ሕሙማትን፡ ድኹማትን፡ ኣካል-ስንኩላትን፡ ኣረግቶትን፡ ፈርሓትን፡ ዕላማ ናይ ቃልሲ ዘይተረድኦምን...ወዘተ ሒዝካ "ክመዉት ዘይክእልዶ ኣሎ ኢዩ ክትኩስ ዘይክእል እምበር" ብዝብል ዓላማ ክንደይ ሰብ ነጺፉ ኢዩ። ክትኩስ ዘይክእልስ ክወልድ፡ክሰርሕ፡ ክምሃር፡ ስድርኡ ክኣሊ፡ ደቁ ክናቢ ወዘተ... ንግደፎ ምባልዶ ኣይምሓሸን? ወረ ዋላ ንውልቀ-ርእሱ ክነብር እውን እኮ መሰል ኣሎዎ። ንኤርትራ ከኣ ይትረፍዶ ክምዚኣቶም ዓይነት ሰባትሲ እቶም ኣብ ጎድኒ ኢትዮጵያ ተዓጢቖም ዝነበሩ ኮማንዶስን ፖሊስን እውን ብደቆምን ደቂ-ደቆምን ንኤርትራ ዘበርከትዎ ክፍሊት ውሑድ ኣይኮነን። መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ከኣ እዚ እናገበሩ ቃልስና ነዊሕ ኢዩ ዓወትና ናይ ግድን ኢዩ.....ይብሉ ነበሩ።

ንህዝብና ኣህሊቖም እባ ቃልሲ ክሕጽሩን መዓልቲ ንግስነቶም ከቀላጥፉን ተራእዩ።
ንዝሓመሙን ኣካሎም ዝጎደሉን ኣብ ክንዲ ምፍዋስ፡ ንዝሓዘኑን ዝተጨነቑን ኣብ ክንዲ ምጽንናዕ፡ ንዝደኸሙን ተስፋ ዝቑረጹን ኣብ ክንዲ ምጽንናዕን ምብርትታዕን፡ ንጀጋኑን ኣጉባዝን ኣብ ክንዲ ፍናን ምሃብ ብከምዚ ዝስዕብ ይምለስ ነበረ።

ማህረምቲ ብበትሪ፣ ምቑርጣጥ፣ ኣእዳው ብገመድ ንድሕሪት ምእሳር፣ ኣእዳው ብገመድ ምስ ኦም ምእሳር፣ ምሽባር፣ ምድሃልን መራሕቲ ይገብርዎ ነበሩ።እዞም ውጹዓት ብወገን “ብጾት” ከኣ ርእሰ-ነቐፌታ ከካይዱ ይሕተቱን ይንቀፉን ነበሩ።
ሓደ ግዜ ኣብ ግምባር ምዓሚደ ሲ መራሒ-መስርዐይ ኣእዳወይ ንድሕሪት ጠውዩ ብገመድ ኣሰረኒ። ድሕሪ ኣስታት ፍርቂ ስዓት ከኣ ዓባይ-ዓባይቶይ ሞተት። ንመራሒ-መስርዐይ ዓባይ-ዓባይቶይ ትመውት ኣላ እሞ በጃኻ እንዶ እዛ ገመድ ቁሩብ ኣዝልቐለይ ቢለ ለምንክዎ። ንሱ ከኣ፣ ኣንታ ጃሱስ ኣነ ከም ዝደልዮ እምበር ንሸኻ ከምትደልዮ ገይረ ድየ ዝኣስረካ? ቢሉ ገመድ ምዝላቕ ኣበየኒ። መሊሱ እኳ ድኣ እታ ገመድ ምዝላቓን ዘይምዝላቓን ኣረጋገጸ። ቃሕ ኣብ ዝበሎ ግዜ ከኣ ፈትሓኒ። ብድሕሪኡ ዳርጋ ንወርሒ ዝኸውን ዓባይ-ዓባይቶይ ደንዚዛ ነበረት።

በዚን ወዲ ከምዚን ዝኣክል ሞያቶም ዝዓረቦም ተጋደልቲ ይትረፍዶ ዘይነበሮምስ እቲ ዝነበሮም ፍናንን ፋናን ይጠፍእ ነበረ። ግና “ ካብ ምንጋጋ ኣንበሳስ መን የውጽእ ስጋ” ዝብሃል ምስላ ከም ዝገልጾ መን ይፍትሓያ። ህድማ? ዘይሕሰብ። ዋላ እንተሰለጠካ ኸ? ኣበይ ኢኻ ክትእቱ?

“ክመዉት ዘይክእል ዶ ኣሎ ኢዩ ክትኩስ ዘይክእል እምበር” ኣብ ግብሪ ክውዕል ርኢናዮ ኢና። ብፍላይ እቶም ንፈለማ ግዜ ኣብ ውግእ ዝካፈሉ ተጋደልቲ ይሞቱ ዘይኮኑስ ይልሓሱ ኢዮም ነይሮም። ብተወሳኺ እኹል ታዕሊም ኣይውሃበናን ነበረ። ኣነ ባዕለይ ኣብ ማህሚመት ታዕሊመ ወዲአ ክውዛዕ ከሎኹ 3 ጠያይቲ ጥራሕ ኢየ ዝተኮስኩ።

ስለዚ ክቡራት ኣንበብቲ፣ ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ዘሎኹም ህዝብና ክሓልፈሉ ትደልዩ እንተ ኮይንኩም ኣእጃምኩም ኣበርክቱ፣ እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ከኣ (passive strugle) ማለት ገንዘብኩም ምእካብ ኢዩ። ገንዘብ ምዓስ ይርከብ፣ ኣብ ንእስነትካ ምዓስ ከ ይድለ ምስ ኣረግካ....... ዝብል ምስላ ከም ዝሕብረና እቲ ትሕዝዎ ገንዘብ ኣይክኽሕደኩምን ኢዩ። ኣብ ኢድ “ፈተውትኹም” ዘቐመጥኩምዎ ገንዘብ ግና በቲ ሓደ መቕተሊን መእሰሪን ሰብኩም ክኸውን ኢዩ። በቲ ካልኣይ ወገን ከኣ ክንድቲ ዝኸፈልኩሞ ወሰኹ ንመቕበሪኦም ክትባሃሉ ኢኹም።
ገዛ እንተ ኾይኑ ከኣ ካብ ኣብ ሰማይ ዘላ ደርሆስ ኣብ ኢደይ ዘላ እንቋቑሖ፣ ትበልጽ እሞ ሕሰቡሉ ኢኹም።

## ዝውዓለ ይንገርካ ዝኸሰረ (ዝሰሓተ) ይምከርካ

ዘልዓለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትናን “ሰለይቲ” ተባሂሎም ዝተቐትሉ ኣሕዋትናን
ሰላምን ፍትሕን ንህዝብናን እሱራትናን
ውድቀት ንልጀ ኢሳያስን ደቀ መዛሙርቱን

**ይቕጽል።**

ሓጎስ ወልዱ